# ምኹናን ዘይ-ሕጋዊ ጉባኤ ሰልፊ ሕዳሴ ንፍትሒ

# (ናይ ዶ/ር መሓመድ ብርሃን)

**ዝኸበርኩም ኣባላት ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ (ናህዳ)**

**ዝኸበርኩም ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን**

**ኣቀዲምና ናይ ቃልሲ ሰላምታና ብምቕዳም፡**

ኩሉ ደላይ ለውጢ ከም ዝፈልጦ ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ (ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ) ኣብ ንጡፍ ናይ ቃልሲ መስመር ፡ኣብ ጉዕዙኡ ንዘጋጠምዎ ዝተፈላለዩ ናይ ውሽጡን ናይ ግዳምን ብደሆታት እንዳሰገረ ንልዕሊ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመታት ካብ መስመሩ ከይተነቓነቐ ውዳቤኡ ኣስሚሩ ምስ መቓልስቱ ሓይልታት ሰሚሩ እኳ እንተጸነሓ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግን ሓያል ውሽጣዊ ናይ ስልኪ ብድሆ ኣጋጢምዎ ፡ንምእራሙን ምጽጋኑን ብናይ ማሕበረሰብ ሽምግልና ንክእረም ከም ኣባላት ሰልፊ ክንዕዘብን ክንጽበ ኣኳ እንተጸናሕና ብዶክተርን ሰዓብቱን ዝተዓብለለ ጉጅለ ግን ሩኡይ ጥልመት ተዓዚብና ።

ከም ኣባላት ሰልፊ ኮይና ዝተዓዘብናዮ፡ እዚ ኣንፈት ንረብሓ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ መሰረት ዝገበረን መትከላትን ንመስርሕ ሕግን ሕጋውነትን ሰልፊ ዘይተኸተለ ሰልፋዊ ቅርጺ ዝግህስ ንፋሉያት ሰብ ረብሓ ኣኪብካ ፍሉይን ንመትከልን ውሽጣዊ ውዳቤ ዝጻረር፡ ንፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ዝጥምዝዝን፡ ንጸላኢ ኢድካ ምሃብን ምምብርካኽን ብዘርእይ ከይዲ ፣ ንሰልፍና ኣብ ዘይተደለየ ሓርጎጽጎጽ ከም ዝሸመምዎ ፡ ከም ግዱሳት ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዓገብ ክንብልን ኣኼባታት ክግበሩ ብግሉጽ ክንጠልብን ከነስምዕን ከምዝጸናሕና ይፍለጥ።

ሕጂ ድማ ገለ ጨንፈራትናን ገለ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዘይይፈልጥዎ መቐጸልታ ነቲ ብወዲት ኣቦ ወንበር ፈጻሚት ሽማግለ ነበርን መሻርኽቱን ሕቡእ ጉባኤ የካይዱ ኣለዉ።

ንፋሉያት ሰብ ረብሓ ኣኪብካ ፍሉይ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ንምዕዋት ፣ ፖሎቲካዊ መንነት ሰልፊ ናህዳ ክቅይሩ ዝፈተኑ እሞ' ዘይሰለጦም ኣካላት ሕጂ ብሒጋ ታሓቢኦም ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ዘይጸደቐ ገምጋምን ተሓታትነት ዝጎደሎ ጸብጻብን ሒዞም ጉባኤ ዘካይዱ ዘለዉ ኣካላት ንሰልፍና ከም ዘይውክሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ኣብቲ ብዕለት 19 ሚያዝያ ንሸሙ ዝተኻየደ ሰሚናር ንሓፍትና ኽርያ ሓሰን ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ዝኾነት ኣብ ክንዲ ነቲ ዘይሕጋዊ ጉባኤ ዝሓስብዎ ዝነበሩ በደሂ ሕቶታት ዝምልሱ እቲ ከም ኣመሉ ጸረ ዲሞክራሲ ዝዓብለሎ ኣካይዳ ዝኸይድ ኣቦ ወንበር ፈጻሚት ሽማግለ ነበር ኣብ መምርሒ ሰልፊ ዘየሎን ውሽጣዊ ሕጊ ዝጥሕስን ንዘይብቕዓቱን ዘይፍልጠቱን ዘንጸባርቕ ምልካዊ ኣካይዱኡ ዘጉልሕ መልሲ ንስኺ ካብቶም ኣባላት ጉባኤ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ኣይተወከልክን ዝብል ዘስደምም ንሰልፋዊ ቅርጻን መተሓዳደሪ ደንብን ዝጥሕስ መልሲ ሂቡ።

ኣብ ውሽጣዊ መምርሒ ሰልፍና ዝኾነ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ብቐጥታ( Automatically ) ኣባል ጉባኤ ኢዩ ዝብል መምርሒ ጥሒሱ ባዕላዊ ወሰኔ ኣመሓላሊፉ: እዚ ዓይነት ኢደ ወነናዊ ተግባራት ሓዲሽ

ኣይኮነን። ነዚ ዓይነት ጥሕሰት ድማ ኣቦ ወንበር ማእከላይ መሪሕነት ከም ኣመሉ ዓይኑ ሸፊኑ ኣሕሊፍዎ።

ከም'ዚ ዓይነት ዘይሕጋዊ ጉባኤ ምክያድ ሓደጉኡ ዝዓዘዘ ንደምበ ተቓውሞን ኣባላት ሰልፊ ናህዳን ዘዳኽም ፣ ንረብሓ ጸላእቲ ዘራጉድ ኢልና ስለ እንኣምን ኩሉ ኣባል ሰልፍን ተቓውሞ ደንበን ክኹንኖ ዘለዎ ንሰልፊ ናህዳ ዘይውክል ጉባኤ ከምዝኾነ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ድሕሪ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2021 ዝተኻየደ ራብዓይ ጉባኤ ትጽቢት ተገይሩሉ ዝነበረ ለውጢ በኒኑ ናብ ደረጃ ምህሳስን ኣብ ዘሰክፍ ምህላዉ ዘይሕባእ መሪር ሓቒ ተሓንጊጥና ኣብ ዝምጽእ ጉባኤ ክንዕረዮ ኢና ኢልና ብሰብሪ ክንቃላስ ዝጸናሕና ኣባላት ሰልፊ ሕጂ ውን ነቲ ሕልኽልኻዊ ኣከያይዳን ዘይብሩህ ኣመሓዳድራን ስዉር ሚስጢራዊ መደብ ደጊምና ንኹንን ኣለና ።

ኣብ'ዚ ጉባኤ ዝምረጽ ኣመራርሓን ዝመሓላለፍ ውሳነን ሰልፍና ወኪሎም ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ዝገብረዎ ከም ዘይውክለናን ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ግዱሳት ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

02 ግንቦት 2025